Poetry in Opposition

Poetry in Opposition

## <u>ጸላም ተመልሹ ንዓድና</u>

ጸላም ተመልሹ ንዓድና
ቴንድኡ ዘርጊሑ ጻት ንጻት ሃገርና
ጸሓይ መይታ፣ መኺና ወርሕና
ብርሃን ተወጊዱ፣ ተኣጊዱ ፋና
በብሓደ ጠፍኣ ቀንዴልና ሽምዓና
መኺኽን ተረፋ እተን ሒደት ጥዋፍና
ትንቢት ጸልማት ተጋሂዱ፣ ጸልማት ኰይኑ ዋና

ጸላም ተመልሹ ነዲሩ ሓንሒኑ
ንዓዲ መረሸ ፍርሕታት ጽዒኑ
ሴፉ እንጻልዓለ ንፍትሒ ኣቕኒኑ
ገፈፎም ከም ዓሳ ብዊኑ
መልዓሶም ከም ፅፉን ሎሚ ዝሰገኑ
ገጸ-ኣረጋዊ ሰላም ዝሃቀኑ
ተጨልጊሞም ከዱ ክሳብ ዝድብኑ
ቃል ኪዳን ሰቢሩ፣ ቃል ህዝቢ ጻጒኑ
እንቁ’ሎ እፋጺ ንኸውታ ኣሚኑ

አረ እንታይ’ዩ ወሪድዎ እዚ ህዝብና ሎሚ ቕነ
ናጤባ ኣትይዎ አዕኑዱ ቐነነ
ስኣን ምንጋፍ ማእስታቱ ቶኮነ
ሰርወታቱ ኣትማን ኣተመነ
ካብ እንድኡ ፈርሄ፣ መኽረሚ ሰኣነ
ኣብ መዋጥር ኣቶ፣ መዋጥር ጭካነ
እቕጻዕ ኣሎ እውጻዕ በኝ ብዙሕ ዝኣመነ

ጸላም እንተነገሰ ንጸላም ኣሚኑ
ንሓዋሩ ኣይነብርንዩ ንግዜ ወኒኑ
መዓልቲ ኣለዎ ዝወርደሉ ደኒኑ
ብርሃን ዝኣትወሉ ዝተኸለሉ ዝፋኑ

ራዕድን ፍርህን እንተነገሰ ገኒኑ
መንነትና ኣይምሓውንዩ ሱራቱ ማህሚኑ
ከም ንቑጽ ዕንጨይቲ ኣይድርበን ፈሊሑ ቆንቆኑ
ክጭብጭብዩ ጻግማይ ክዓቢ ሰልጢኑ
ክዕንብብ’ዩ ክጭልግዕ ክፈሪ ሰሲኑ
ሰላም’ውን ክምለስ’ዩ ንዓድና ብእዋኑ
ኣህዛብ ክምጉስ ኣይተርፍን ህዝብና ንበይኑ

ሰለሙን ይከኣሎ
2003